ጽሑፍን ስእልን፡ ዊለም ደ ቪንክ

# ኢየሱስ መድሓኒ


## እቲ ንዓለም ዝቐየረ ሰብኣይ



ዊልያም ደ ቪንክ

# ኢየሱስ መድሓኒ

## እቲ ንዓለም ዝቐየረ ሰብኣይ



## ኢየሱስ መድሓኒ መንዩ፧

ኢየሱስ ቕድሚ 2000 ዓመት ኣብ እስራኤል ነይሩ። “ኢየሱስ መድሓኒ” ወይ ድማ “ኢየሱስ ክርስቶስ” ኢልና ንጽውዖ። ትርጉሙ ንጉስ ማለት እዩ። ይኹን እንበር ንጉስ ጥራሕ ኣይኾነን። ኢየሱስ “ወዲ ኣምላኽን” “ወዲ ሰብን” ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ማለት ድማ፡ ንሱ ናይ እግዚኣብሄርን ናይ ሰብን እዩ ማለት እዩ። ናይ ኢየሱስ ታሪኽ ሂወቱ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ናይ ዘመናት ታሪኽ እዩ።

## ናይ ኢየሱስ ጊዜ፣


ኣቆጻጽራ ዘመንና ምስ ምውላድ ኢየሱስ እዩ ጀሚሩ። ሰባት ብኣእጋሮም፡ ብኣእዱግ፡ ብኣግማል፡ ወይ ድማ ኣብ ሕቖ ፈረስ ተወጢሖም ይጉዓዙ ነበሩ። ቀንዲ ክፍልታት ናይ ኣውሮጳ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ከምኡ ውን ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሮማ እዩ ኔሩ። ዝበዝሐ ሰብ ምጽሐፍን ምንባብን ኣይክእልን እዩ ኔሩ፡ ኣብ እስራኤል ዝነበሩ ኣይሁዳዊያን ግን ይኽእሉ ኔሮም። “ሰባት እቲ መጽሓፍ “ ተባሂሎም ይጽውዑ ነበሩ።


እግዚኣብሄር ኣብቲ መጽሓፍ ማለት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ተዛሪቡ ኣሎ። ንሱ ናይዚ ዘሎ ኹሉ ፈጣሪ እዩ፡ ምስ ኩሉ ሰብ ምሕዝነት ክገብር ይደሊ። እዚ ድማ ኢየሱስ ብግልጺ ኣርእዩና ኣሎ።


## ምውላድ ኢየሱስ

ኢየሱስ ተጠኒሱ ከሎ፡ ማርያም ኣደ ኢየሱስ ፡ ኣይተመርዓወትን እያ ኔራ። ንሱ ክሳዕ ዝውለድ ድንግል እያ ኔራ። እግዚኣብሄር ኢየሱስ ኽውለድ መዲቡ። እዚ ትእምርቲ እዚ ኣቐዲሙ ቅድሚ ናይ ኢየሱስ ጊዜ ኣብቲ መጻሕፍቲ ተሓቢሩ ኔሩ እዩ። ኢየሱስ ከም ሓደ ጅግና ወይ ፍሉይ ኰይኑ ኣይኰነን ተወሊዱ። ካልእ ክፍሊ ስለ ዘይተረኸበ፡ ኣብ መብልዕ ማል እዩ ተወሊዱ።













# እዚ እንታይ ማለት እዩ ....

መልአኽ፡- ብዓይኒ ዘይርአ ልኡኽ እግዚኣብሄር (ገጽ .5)

መሲህ፡- “ንንግስና ዝተቐብአ” ዝብል ኾይኑ ብግሪኽ ድማ ክርስቶስ ማለት እዩ(ገጽ 52.55)

መስቀል፡- ናይ ስቓይ መሳሪሒ ኾይኑ፡ ኢየሱስ ብገዛእ ፍቓዱ ዝሞተሉ እዩ። ሕጂ ግና ንሰዓብቲ ኢየሱስ ምልክቶም ኾይኑ ኣሎ(ገጽ 25.50)

መንግስቲ ኣምላኽ፡- ኣብቲ ሰባት ንኣምላኽ ዝእዘዙሉ፡ ኣብኡ መንግስቲ ኣምላኽ ኣሎ።

መንፈስ ቅዱስ፡- ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ ኮይኑ፡ እግዚኣብሔር ብእኡ ኣቢሉ፡ ኣብቶም ሰዓብቲ ናይ ኢየሱስ ዝኾኑ ሰባት ክነብር ይደሊ።(ገጽ 58)

መጽሓፍ ቅዱስ፡- ብዛዕባ እግዚኣብሄር ንሰባት ዘለዎ ኣረኣእያን፡ ነቲ ምስ ሰባት ዘለዎ ጉዳይ ብኽመይ ከም ዝፈትሖን፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተንብብ።

ምጽኣት፡- ኢየሱስ ተመሊሱ ናብ ምድሪ ምስ መጸ፡ ኩሉ ነገር ሓድሽ ክኸውን እዩ። እግዚኣብሄር ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ክገብር እዩ(ገጽ 57)

ሰይጣን፡- ዘይረአ ጸላኢ እግዚኣብሄርን ሰብን (ዲያብሎስ ተባሂሉ ውን ይጽዋዕ)

ቁርባን፡- ሰዓብቲ ኢየሱስ፡ ብወይንን ሕብስትን ጌሮም ሞቱን ትንሳኤኡን ይዝክሩ(ገጽ41)

በረኸት፡- እቲ እግዚኣብሔር ነቶም ፍቓዱ ዝገብሩ ሰባት ክህቦም ዝደሊ፡ ኩሉ ጽቡቕ ነገር።

ትንሳኤ፡- ኢየሱስ ኻብ ሞት ተንሲኡ፡ ሓደ መዓልቲ ድማ ኹሉ ሰብ ኻብ ሞት ኽትንስእ እዩ፡ እግዚኣብሄር ድማ ንኹሉ ሰብ ኽፈርድ እዩ(ገጽ 53-57)

ኢየሱስ፡- ሽም ናይ ወዲ ኣምላኽ ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ “ኣምላኽ የድሕን“ ማለት እዩ

እምነት፡- እግዚኣብሔር፡ እቲ ዝኣተዎ ቃል ኩሉ ከም ዝገብሮ፡ ትኣምኖ(ገጽ 58)

ወደ መዝሙር፡- ሰዓቢ ናይ የሱስ (ገጽ 18)

ወዲ ኣምላኽ፡- ሽም ናይ የሱስ እዩ። ንሱ ኣምላኽ ክነሱ ከም ሰብ ኰይኑ ናብ ዓለም መጺኡ፥ ከም ወዲ ኣምላኽ።

ሓጢኣት፡- ንሕና እንገብሮ፡ እግዚኣብሄር ግን ዘይፈትዎ፡ ንሱ ኣብ ዝሓሰበልና ቦታ ንኸይንበጽሕ ዝገብር እዩ። (ገጽ 4)


ዘለኣለም ህይወት፡- ከምቲ መደብ እግዚኣብሔር፡ ንዘልኣለም ምስ ኢየሱስ ምንባር። እዚ ንሞት ይስዕር መወዳእታ ኸኣ የብሉን። (ገጽ 23.29-30.59)

ይቕሬታ፡- ሓደ እኳ ዘይግብኦ ክነሱ፡ ኣምላኽ ግና ይቕረ ይብል። እንድሕር ድኣ ብሓጢኣትካ ተጣዒስካን ንኽትልወጥ ደሊኻን፡ ኣምላኽ ይቕረ ይብል እዩ። የሱስ መቕጻዕትና ስለ ዝተሸከመ፡ ይቕሬታ ምርካብ ይከኣል እዩ።(ገጽ 58)

ጸሎት፡- ቀስ ኢልካ ወይ ከኣ ዓው ኢልካ ምስ እግዚኣብሔር ምዝርራብን ንዕኡ ምስማዕን (ገጽ 18.19.42)

ፋሲካ፡- ትንሳኤ ናይ የሱስ ዝበዓለሉ በዓል። ኣይሁድ ንበዓል ፋሲካ ኣብቲ መዓልቲ እዮም ዘብዕልዎ። (ገጽ 38-54)

# እስራኤል ኣብ ዘመን ኢየሱስ




ዋና ኸተማ፡- የሩሳሌም

ወረዳታት፡- ገሊላ ሰማርያ ይሁዳ

መጠኑ፡- ብግምት 28,000 km2 (10,810 sq.miles)

ኩነታት ኣየር፡- ሓውሲ ትሮፒካዊ

ፖለቲካ፡- ካብ 63 ቅድሚ ክርስቶስ ጀሚሩ፡ እቶም ሮማውያን ንእስራኤል ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ጌሮማ።

መንግስቲ፡- ጴንጤዎስ ጲላጦስ፡ ሮማዊ ኣማሓደሪ ኣብ እስራኤል ክኸውን ከሎ፡ ጢቤርዮስ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ይገዝእ ነበረ።

ሃይማኖት፡- ይሁድነት። ኣይሁዳውያን ኣብ የሩሳሌም ቤተ መቕደስ ኣለዎም። ኣብኡ ነቲ ሃይማኖት ዘገልግሉ ኩሉ ዓይነት ስራሕ ዝሰርሑ ካህናትን፡ በቲ መጽሓፍ ቅዱስ ጌሮም ነቲ ህዝቢ ዝመርሑ መምሃራንን(ከም በዓል ፈሪሳውያን) ኣለው።

ቋንቋ፡- እብራይስጢ(ናይ ኣይሁድ ቋንቋ እዩ)፡ ግሪኽ (ብዓለም ደረጃ ዝዝረብ ቋንቋ)፡ ላቲን (ናይ ሮማዊያን ቋንቋ)

## መጽሓፍ ቅዱስ



ታሪኽ ኢየሱስ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተመዝጊቡ ኣሎ። ከም መጽሓፍ ቅዱስ ገይሩ ተደጋጊሙ ዝተነበበ መጽሓፍ የለን። ኣብ ውሽጡ ብዙሓት መጻሕፍቲ ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ መጽሓፍ እዩ። እዚ ኩሉ መጻሕፍቲ ንኽጽሓፍ 1500 ዓመት ወሲዱ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ 1900 እዩ ተዛዚሙ። ኣምላኽ ኣብ ሂወት ናይ ሰባት ብኸመይ ከም ዝተሳተፈ ዘርኢ ኩሉ ዓይነት ታሪኻት ዝሓዘ እዩ። ታሪኽ ናይ ኢየሱስ እግዚኣብሄር መን ምዃኑ ብግልጺ የርእየና።

# እቲ ታሪኽ ናይ ኢየሱስ


መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብዛዕባ ታሪኽ ኢየሱስ ዝገልጹ ኣርባዕተ መጻሕፍቲ ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ እዩ። እቶም መጻሕፍቲ፡ በቶም ዝጸሓፍዎም ሰባት እዮም ተሰምዮም። እቶም ጸሓፍቲ ኹሎም ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ዝነበሩ እዮም።

1. ማቴዎስ፡- ሰዓቢ ኢየሱስ። ከም ኣካቢ ግብሪ ኾይኑ ይሰርሕ ኔሩ። ንሱ፡ ኢየሱስ ምስ ህዝቢ እስራኤል(ኣይሁዳውያን) ብኸመይ ይኸይድ ከም ዝነበረ ብፍላይ ይገልጽ።

2. ማርቆስ፡- ኢየሱስ ስርሑ ክሰርሕ ከሎ፡ ማርቆስ ገና ንእሽቶ እዩ ኔሩ። ብዛዕባ ኢየሱስ ዝገበሮም ተኣምራታት ዳርጋ ሓጺር እዩ ጽሒፉ።

3. ሉቃስ፡- ናይ ፍወሳ ሓኪም እዩ ነይሩ። ንኢየሱስ ብግሉ ኣይፈልጦን እዩ። ኢየሱስ ኣካይዳኡ ምስ ህዝቢ ከመይ ከም ዝነበረ ሉቃስ ገሊጹ ኣሎ።

4. ዮሃንስ፡- ንሱ ውን ናይ ኢየሱስ ሰዓቢ እዩ ኔሩ። ቀንዲ፡ ኢየሱስ መን ከምዝኾነ የርኢ። ኢየሱስ ኣምላኽ እዩ፡ ንህዝቢ ኻብ ሓጢኣቶም ነጻ ንኽውጽኦም ከኣ ሰብ ኮይኑ።



# ሞት ኢየሱስን ትንሳኤኡን

ኢየሱስ ንምንታይ እዩ ሞይቱ? እቲ መብርሂ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተዋሂቡ ኣሎ ።

ኵሉ ሰብ ኣብ ዝኾነ ጊዜ፡ እግዚኣብሄር ዘይቕበሎ፡ ንዕኡ ዘቖጥዖ ወይ ዘሕዝኖ ጌጋ ነገራት ይገብር እዩ ። እዚ ድማ ሓጢኣት ይበሃል። እዚ ኹሉ ሓጢኣት፡ ሰባት ኣዕሩኽ እግዚኣብሔር ንኸይኰኑ ይኽልክሎም።


ስለዚ ድማ እዩ ኢየሱስ ዝመጸ። ከይተገደደ ብነጻ ድልየት(ብድልየቱ)፡ መቕጻዕቲ ናይ ሓጢኣትና ኣብኡ ክወርድ ፈቒዱ። እቲ መቕጻዕቲ ድማ ሞት እዩ ኔሩ። ኢየሱስ ምእንታና ኢሉ ካብ ዝመውት ንንየው፡ ንሕና መሊስና ኣዕሩኽ ኣምላኽ ክንከውን ንኽእል ኢና። ብዛዕባ እቲ ዝገበርናዮ ጌጋ ግና፡ ይቕሬታ ክንሓትት የድልየና እዩ።
ኢየሱስ ካብ ሞት ተንሲኡ፡ ኣምላኽ እንደገና ህያው ጌርዎ። ንሱ ካብ ሞት ከም ዝሕይል፡ ኣምላኽ በዚ ኣቢሉ ኣርእዩና።


ኢየሱስ ሕጂ ምስ ኣምላኽ ይነብር ኣሎ፡፡ ስለዚ ንሱ ህያው ስለ ዝኾነ፡ ንኹሉ ጊዜ ዓርክና ክኸውን ይኽእል እዩ። ንሱ በቲ ንኣምላኽ ከሐጉሶ ዝኽእል መንገዲ ንኽንነብር ክሕግዘና ይደሊ እዩ።


# ተኣምራት ናይ ኢየሱስ


ኢየሱስ ብዙሕ ተኣምራት እዩ ገይሩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ልዕሊ ኣርብዓ ዝኸውን ፈውሲ(ፍወሳ) ተጠቒሱ ኣሎ። ኢየሱስ በዞም ዝተፈጸሙ ተኣምራት ኣቢሉ፡ ሓይሊ እግዚኣብሄርን ፍቕሩን፡ ከምኡ ውን ንሰባት ክሕግዝን ከሐጉሶምን ከም ዝደሊ ኣርእዩ ።





እዚ ኵሉ ሰብ እንታይ ኮይኑ እዩ ኣብ ሩባ ተኣኪቡ ዘሎ፧
መንግስቲ ኣምላኽ ቐሪባ ኣላ’ሞ
ርእስኹም ኣዳልዉ


ሓድሽ ህይወት ይሃልኹም!
ካብ ኣምላኽ ከተምልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ምሳር ናይ ፍርዲ ኣምላኽ፡ ኣብቲ ጉንዲ ኦም ተነቢሩ ኣሎ
እምብአርከስ ጽቡቕ ፍረ ዘየፍሪ ዘበለ ኵሉ ኦም ይቈረጽ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ
ስምዕዎ እሞ። ጽቡቕ’ዶ ኣይኰናን ዘሎና፧
ብርግጽ ኩላትና ካብ ፍርዲ ኣምላኽ ምምላቕ ኣይንኽእልን ኢና። ግናኸ ንኩለንትናኹም ዝልውጥ ብድሕረይ ዝመጽእ ኣሎ። ከድሕነኩም እዩ።
ብርግጽ ህይወትኩም ንኽልወጥ እንተ ደሊኹም ሓጢኣትኩም ተኣመኑ’ሞ ኣብቲ ማይ ኽኣ ተጠመቑ
ከምኡ ብምግባርካ ሓዲሽ ሂወት ክትጅምር ከምዝደለኻ ተርኢ ኣሎኻ።


እቲ ኣብቲ ሩባ ዘሎ ነቢይ: ዮሃንስ መጥምቕ ተባሂሉ ተጸዊዑ።
ኣነ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰይ ኣይኮንኩን ዝምስክር። ኣነስ ነቲ ብድሕረይ ዝመጽእ እየ ዘዳልወኩም ዘለኹ። ንሱ ኣምላኽ ካባኹም እንታይ ከም ዝደሊ ከርእየኩም እዩ፡ በቲ ሓዊ መንፈስ ኣምላኽ ከኣ ከጠምቐኩም እዩ። ብኽምዚ ካልእ ሰባት ጌሩ ክልውጠኩም እዩ።
ድሓሪኡ .....
ኣነ ደኣ ብኣኻ ምጥማቕ የድልየኒ
ፍቓድ ኣምላኽ ክገብር ይግብኣኒ እዩ’ሞ ይኹን ደኣ ሕደግ ኣጠምቐኒ
ኣቦ መንግስትኻ ትምጻእ ፍቓድኻውን ትፈጸም
ብድሕርዚ ካብ ሰማይ ድምጺ ተሰምዐ
ብአኻ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ ንስኻ ኢኻ



ዮሃንስ መጥምቕ ንእስራኤላውያን፡ ንምምጻእ እቲ መሲሕ የዳልዎም ኔሩ። ኣብቲ እዋን እቲ: ሮማውያን ዝበዝሐ ክፍሊ ዓለም ይገዝኡ ኔሮም። ሽው እስራኤል ንእሽቶ ግዝኣት ናይ መንግስቲ ሮማ እያ ኔራ።
ጌንሳሬጥ
ናዝሬት
ቃና
ገሊላ
ዮርዳኖስ
የሩሳሌም
ይሁዳ
እስራኤል
ህዝቢ ይሁዳ: ነቲ መሲሕ ይጽበይዎ ኔሮም። ኣብቲ ብሉይ መጻሕፍቶም: ከም ዝመጽእ: በቶም ነብያት ተነጊሩ ኣሎ። ንእስራኤል ዓባይ ክገብራ እዩ ......
ዮሃንስ መጥምቕ ግና: ኣብቲ ሩባ ዮርዳኖስ: የሱስ ገንሸል ኣምላኽ ከም ዝኾነ ሓቢሩ
እንሆ... “ሓጢኣት ኵሉ ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ”
ድሕሪ ጥምቀቱ መንፈስ ኣምላኽ ናብ ምድረበዳ መርሖ
ኢየሱስ 40 መዓልትን ለይትን ኣብ በረኻ በይኑ ነበረ። ኣይበልዔን: ይጽሊ ኔሩ: ነቲ ዝሰርሖ ስራሕ ይዳሎ ኔሩ
ኢየሱስ ምኽሪ ኣቡኡ ክገብሮ ኣለዎ። ኣምላኽሲ ሰባት ካብቲ ንኹስን ንሞትን ዘለዎም ፍርሒ ክናገፉ እዩ ዝደሊ።
እወ! ኣቦይ ፍቓድካ ንምግባር ድሉዊ እየ
የሱስ፡ ምስቲ ዘይረአ ገዛኢ ናይ ጸልማት ዝኾነ ሰይጣን፡ ክቃለስ እዩ። እዚ ጸላኢ ኣምላኽን ጸላኢ ደቂ ሰብን: ንዓለም ብጽልእን: ሕማምን: ሞትን ይገዝኣ


ሰይጣን ግና ንየሱስ ካብቲ ዝተዋህቦ ተልእኹ ናይ ኣምላኽ
መታን ከዛናብሎ: ሓሳብ ኣምጺኡሉ
ወዲ ኣምላኽ እንተ ኼንካስ እዚ ኣእማን
እንጀራ ክኸውን በል በሎ
ኢየሱስ ግና፡ ሰብ ካብ ኣፍ
ኣምላኽ ብዝወጽእ ቓል
እምበር ብእንጌራ ጥራይ
ኣይነብርን፡ ተባሂሉ ተጻሒፉ
ኣሎ በሎ
ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ምኳንካ
ኣረጋግጽ። መላእኽቲ ብኣእዳዎም
ከልዕሉኻ እዮም: ተባሂሉ ተጻሒፉ
ኣሎ'ሞ፡ ካብቲ መቕደስ ንታሕቲ
ገጽኻ ጽደፍ በሎ
ንእግዚአብሄር
ኣምላኽካ
ኣይትፈታተኖ
ድማ ተባሂሉ
ተጻሒፉ ኣሎ
ፍግም ኢልካ እንተ ሰጊድካለይ፡
እዚ ኹሉ ኣብ ምድሪ ዘሎ ስልጣን
ክህበካ እየ
ሽዑ ኢየሱስ፡ ንእግዚአብሄር
ኣምላኽካ ስገድ ንዕኡ በይኑ ድማ
ተገዛእ ጽሑፍ ኣሎ እሞ፡ ኪድ
ርሓቕ ሰይጣን በሎ
ሰይጣን ድማ ንጊዜኡ ንኢየሱስ
ሓዲግዎ ከደ። መላእኽቲ ድማ
ከገልግልዎ መጹ።
ኢየሱስ: ናብታ ዝዓበየላን፡ ብሰሜን
እስራኤል ብዙሕ ህዝቢ ናብ
ዝነብረላን ኣውራጃ ገሊላ ተመልሰ።
ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ነበረ።
ኣብ ጉዕዞኡ ብዙሓት ናብኡ
ተጸንበሩ። እቲ ጽሑፋት ዝተዛረቡሉ
ክርስቶስ ምዃኑን ዘይምኳኑን ድማ
ክፈልጡ ይደልዩ ነበሩ።



ኣብ ቃና ናይ ገሊላ መርዓ ኾነ
ኢየሱስን ኣዲኡን ከምኡውን ደቀ መዛሙርቱን ኣብቲ መርዓ ነይሮም


ዳርጋ ፍርቂ ስነ ስርዓት ናይቲ መርዓ ከሎ
ሓደ ጸገም ተፈጢሩ፡ ወይኒ ተወዲኡ
ንሱ ዚብለኩም ግበሩ
እቲ ዓበይቲ አጋንእ ማይ ምልእዎ ቀዲሕኹም ነቦ ዳስ ኣጥዕምዎ
ማይ፧ እዚ ግና ወይኒ እዩ። ዝበለጸ ወይኒ!
ጠዓሞ! እቲ ጽቡቕ ወይኒ ኽሳዕ መወዳእታ ኣጽኒሕካዮ
ተሰሚዑ ዘይፍለጥ! ቅድሚ ሕጂ ናብ ከምዚ ዓይነት መርዓ ከይደ ኣይፈልጥን። ማይ ናብ ጥዑም ወይኒ ዝተቐየረሉ!
ኢየሱስ ናዝሬታዊ እዩ ከምኡ ገይርዎ።
መን እዩ ንሱ፧


ቅፍርናሆም፡ ኣብ ጥቓ ሩባ ገሊላ ትርኸብ፡ ዓሳ ዝግፈፉ፡ ሃብታም ዓዲ እያ። ኣብዚ እዩ ኢየሱስ ስርሑ ጀሚሩ። ብዛዕባ መደብ ኣምላኽ ከኣ ይዛረብ ነበረ .........
ኣብዚ ቦታ እዚ፡ ቀዳሞት ሰዓብቱ መሪጹ
ጴጥሮስ: ናብቲ ዓሚቕ ባሕሪ ንኺድ: ኣብኡ ድማ መርበብካ ደርብዮ
ጐይታ: ለይቲ ብምልእታ ክንጽዕር ሓዲርና ዝሓዝናዮ የብልናን
ከም ቓልካ ግና ነዚ መርበብ እድርብዮ
እንታይ! እዚ ኹሉ፧
ኣይኣምንን እየ!


ያእቆብ! ዮሃንስ! ንዑ ሓግዙ! እዚ ናይ ዕድሜና ምሉእ ግፋ እዩ!
ጐይታ ካባይ ርሓቕ! ኣነ ብሓጢኣት ዝተመላእኩ ሰብ እየ
ጴጥሮስ ኣይትፍራሕ ካብ ሎሚ: ሰብ ክትገፍፍ ኢኻ
ስዓበኒ



ኢየሱስ ብሓባር ምስ ደቀ መዛሙርቱ ኾይኑ፡ ብሰሜን ናይ እስራኤል ይጒዓዝ ኔሩ። መንግስቲ ኣምላኽ ትመጽእ ኣላ እናበለ፡ ንኹሉ ሰብ ይነግር ነበረ። ዘረብኡ ኸኣ፡ ሓይልን ጸጋን ዝመልአ ነበረ። ዝተፈላለየ ሕማም ዘለዎም ፈወሰ። ኣጋንንቲ ዝሓደሮም ሓራ ገበረ። ብዙሓት ሰባት ድማ እናተደነቑ ሰዓብዎ። ካብ ካልእ ኣውራጃታት ኰነ ካብ የሩሳሌም ዋና ከተማ ናይ እስራኤል እንተላይ፡ ናብኡ መጹ
መንግስቲ ኣምላኽ ናትኩም እያ እሞ፡ ኣቱም ንኣምላኽ እትደልይዎ፡ ብጹኣን ኢኹም
ጽድቂ ዝጠምዩን ዝጸምኡን ክጸግቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም።
ዝጉህዩ ምጽንናዕ ክረኽቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም
ኣምላኽ ንዓኹም ድማ ጽቡቕ ክገብረልኩም እዩ እሞ: ኣቱም ንኻልኦት እትገብሩ: ብጹኣን ኢኹም። ሰላም ምስ እትገብሩ ድማ: ውሉድ ኣምላኽ ክትበሃሉ ኢኹም


ሰባት ክገብሩልኩም ከም እትደልዩዎም: ንስኻትኩም ውን ኸምኡ ግበሩ
ጸላእትኹም ፍተዉ፡ ስሊኦም ድማ ጸልዩ።
ሰናይ ግብርኹም ብሕቡእ ግበርዎ። ናይ ሰብ ኣቓልቦ ንምስሓብ ኣይትግበሩ።
ንሰበይቲ ብርሑቕ ሪኡ ዝተመነየ፡ ብልቡ ምስኣ ዘመወ
ዓይኒ፡ ናይ ኣካላት ብርሃን እያ። ዓይንኹም ብሩህ እንተ ኾይኑ፡ ኹሉ ኣካላትኩም ብርሃን ይኸውን፡ ዓይንኹም እንተ ጸልመተ ግና ኣብ ጸልማት ኢኹም እትነብሩ።
ሓደ ሰብ ንኽልተ ጐይቶት ኸግዛእ ኣይኽእልን እዩ። ወይ ንእግዚአብሄር ወይ ድማ ንገንዘብ
ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቑ። መጀመርታ ንኣምላኽን ነቲ ንሱ ዝደልዮን ድለዩ: እቲ ካልእ ክስዕብ እዩ።
ከምቲ ኣነ ዝብለኩም ግበሩ። ሽዑ ነቲ ገዝኡ ኣብ ከውሒ ዝሰርሐ ሰብኣይ ክትመስሉ ኢኹም። ከምኡ እንተዘይጌርኩም ግን: ኣብ ሑጻ ኢኹም እትሃንጹ ዘለኹም።


ሓደ መዓልቲ: ኣብ ቅፍርናሆም: ኣብቲ የሱስ ዝነበሮ ውሽጢ ገዛን: ኣብ ዙርያኡን ብዙሓት ሰባት ተኣኪቦም ነበሩ።
ክንሓልፍ ኣይንኽእልን ኢና:
ስለዚ፡ በቲ ናሕሲ እዩ ክኸውን: ምስ ፍርናሹ ብሓንሳእ።
እንታይ እዩ ዝኸውን ዘሎ፧
ግደፍዎም! እቶም ኣዕሩኽቱ ዓባይ እምነት ኣላቶም
ኩሉ እቲ ጌጋኻ ተሓዲጉልካ እዩ።
ሰሚዕኩሞ’ዶ ፧ ከመይ ጌሩ ከምኡ ይብል ፧
ኣብ ኣምላኽ ይላገጽ ኣሎ
ኣምላኽ ጥራይ እዩ ሓጢኣት ሰብ ክሓድግ ዝኽእል
ኣየናይ ይቐልል ፧ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ምባል’ዶ: ወይስ ተንሲእካ ተመላለስ ምባል ፧
እቲ መድሓኒ ሓጢኣት ንምሕዳግ ስልጣን ኣለዎ። ኣነ ግና ከምዚ እብል ኣለኹ: ዓራትካ ኣልዒልካ ኺድ



ዘገርም እዩ!!
እወ! ተፈዊሰ! ንየሱስ አመስግኖ።
እቲ ሓንካስ ክኸይድ ክኢሉ!
የሱስ ብዙሕ ጽቡቕ ግብርታት ጌሩ። ከምኡ ውን: ብጥበብን ብስልጣንን እዩ ዝዛረብ። ንሱ ካልእ ዘይኰነስ: ምሕረት እዩ ዘንጸባርቕ። ግና: ኩሎም ኣይኰኑን ብእኡ ሕጉሳት ኔሮም። እቶም ሕጊ ክኽበር ኣለዎ ዝብሉ ዝነበሩ መራሕቲ: የሱስ ሕጊ ዘኽብር እንተ ኾይኑ ኢሎም ይከታተልዎ ኔሮም። ንምሳሌ: ከም መዓልቲ ሰንበት ዝኣመሰለ። ሽው መዓልቲ ኣብ እስራኤል ክትሰርሕ ኣይፍቀደን እዩ።
እዚ ሰብ ኢዱ ዝለመሰ እዩ: ሎሚ መዓልቲ ጽቡቕ ምግባር ይግባእ ድዩ ዋላስ ኣይግባእን ፧
ኢድኻ ዘርግሓያ!!
እዋይ! ተፈዊሰ!
ንየሱስ ክንዓግቶ ኣሎና!
ንሱ: ነዚ ህዝቢ የስሕቶ ከም ዘሎ: ኣብ የሩሳሌም ንዘለው መራሕቲ ክንገሮም ኣለዎ።
13.



ኣብ ሞንጐ የሱስን እቶም መራሕትን ዝነበረ ምጥምማት እንዳገደደ ምስ ከደ: የሱስ ከንሳሕብ ጀመረ። ብሓሳእ ምስ ደቂ መዛሙርቱ ኰይኖም ከኣ: ኣብ ባሕሪ ገሊላ ብጃልባ ጌሮም ክኸዱ ጀመሩ። ግና .......
ጐይታና ርድኣና! ንጥሕል ኣለና
ስለምንታይ ትፈርሑ፧ እምነትኩም ደኣ ኣበይ ኣላ፧



ህዳእ! ጸጥ በል!
ንጃልባኦም ኣብቲ ስግር ኣሰርዋ። ኣብቲ ጎቦታት: ናይ ሓዘን ብኽያት ዝጥዕም ተሰሚዑ
ራህህህህህ
15.



ኣብቲ በረኻ: በይኑ ዝኸሎነ፡ ብኣጋንንቲ ዝተታሕዘ ሰብኣይ: ይነብር ነበረ።
ይመጽእ ኣሎ! ንሱ! ኡህህ!
እወ እወ። የሱስ!
ኣንታ ጋኔን ሕደጎ!!
ወዲ ልዑል ኣምላኽ፡ ምሳኻኽ እንታይ ኣሎኒ፧
መን'ዩ ሽምካ፧
ለጌዎን፡ ምኽንያቱ ብዙሓት ኢና
ናብቶም ሓሳማታት እንዶ ስደደና
ኪዱ!


⁝
ሕጂ ምሉእ ብምሉእ ድሒነ ኣለኹ
ኪዱ! ካብዚ ርሓቑልና!
ምሳኻትኹምዶ ክመጽእ ፧
ኣብዚ ድኣ ጽናሕ። ኣምላኽካ እንታይ ከምዝገበረልካ ንኹሉ ሰብ ንገር



እብለኩም አለኹ: ኣነ ኣቦይ ዝበለኒ ጥራይ እየ ዝገብር። ንሱ እዩ ልኢኹኒ።
ኢየሱስ ከም ልማዱ: ንኽጽሊ: ጽምው ናብ ዝበለ ቦታ ይኸይድ ነበረ
ምሉእ ለይቲ ክጽሊ ምስ ሓደረ: ዓሰርተ ክልተ ደቀ መዛሙርቲ መረጸ። በብኽልተ ገይሩ ድማ ለኣኾም። ኣብ ልዕሊ ሕማምን ኣጋንንትን ድማ ስልጣን ሃቦም።
ንሳቶም ከኣ: ኣሕዋት ዝኾኑ: ጴጥሮስን እንድርያስን እዮም።
ኣሕዋት ዝኾኑ: ያእቆብን ዮሃንስን
ፊልጶስን ናትናኤልን



ቶማስን ማቴዎስን (ንሱ፡ እቲ ኣቐዲሙ ነቶም ሮማውያን ገዛእቲ፡ ግብሪ ዝእክብ ዝነበረ እዩ)
ታዲዎስን እቲ ኻልኣይ ያእቆብን
ተቓዋማይ ተቓላሲ ዝነበረ ስምኦንን: ይሁዳ ኣስቆሮታውን
ኺዱ! እቲ ንዓኹም ዝተቐበለ ንዓይ ይቕበል። እቲ ንዓይ ዝተቐበለ ኸኣ ነቲ ዝለኣኸኒ እዩ ዝቕበል።
እቶም ደቂ መዛሙርቲ: ካብቲ ተላኢኾሞ ዝነበሩ እናተሓጐሱ ተመልሱ። ንሳቶም ኩሉ እቲ የሱስ ዝበሎም ገበሩ። ድሕርʼዚ የሱስ ምስ ደቂ መዛሙርቱ ኰይኑ ናብ ጽምው ዝበለ ቦታ ክኸይድ ደለየ። ግናኸ እቶም ህዝቢ ኣይሓደግዎምን።
ርኣዩ! እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ። እቶም ዓየይቲ ግና ውሑዳት እዮም። ስለዚ ነቲ ጐይታ እኽሊ: እኽሉ ዝእክቡ ዓየይቲ ክልእኽ ለምንዎ።


ኢየሱስ እናመሃረን እናፈወሰን ከሎ: መሰየ(ጊዜ ሓለፈ)
ፊሊጶስ: እዞም ኹሎም ሰባት: ምግቢ ካበይ ከምጽኡ እዮም ፧ ንስኻትኩም ዝብላዕ ሃብዎም።
ክልተ ሚእቲ ዲናር ጥራሕ እዩ ዘሎና። ንሱ ነዚ ኹሉ ሰብ እኹል ኣይኰነን
ሓደ ቆልዓ ኣሎ ኣብዚ: ሓሙሽተ እንጀራን ክልተ ዓሳን ዝሓዘ። እዚ ጥራሕ እዩ ዘሎ።
ነቶም ሰባት በብጉጅለ ናይ ሓምሳ እናገበርኩም ስርዕዎም
የሱስ ንኣምላኽ ኣመስገነ ....
ነቲ እንጀራን ዓሳን ቈረሶ


የሱስ ነቲ ምግቢ እንዳኣብዝሖ ከሎ: ብዙሓት በሊዖም ጸገቡ
እዚ ብሓቂ እቲ ክመጽእ እዩ ዝተባህለልና መድሓኒ ናይ ዓለም እዩ
ነዚ ንጉስ ክንገብሮ ኣሎና
ርኣይዎ'ሞ! ገና ዓሰርተ ክልተ ሙሉእ ሞሶብ ተሪፉ
ሕጂ ነዚ ህዝቢ ነናብ ቤቱ ሰደድዎ። ኣብዛ ጃልባ ኣቲኹም ናብቲ ማዕዶ ተሳገሩ: ኣነ ኸኣ ንኽጽሊ ኣብዚ ክጸንሕ እየ።


በታ ለይቲ ..........
እዋይ! ምትሃት እዩ!
ኣይትፍርሑ! ኣነ እየ!
ጐይታ፡ ንስኻ እንተ ዀንካስ: ብማየ ማይ ኣቢለ ናባኻ ኽመጽእ ተዛረብ
ንዓ!
ጐይታይ ኣድሕነኒ
ጴጥሮስ! ንምንታይ ትጠራጠር!



ገሊኦም: ንየሱስ ንጉስ ክገብርዎ ደልዮም ኔሮም። ንናይ ሮማ ወረርቲ ከባርረልና እዩ ኢሎም ተስፋ ይገብሩ ኔሮም። ንየሱስ ዝቓወሙ እንዳበዝሑ ኸዱ። ከምኡ ውን: ንሰባት እንዳሓገዞም ከሎስ: እቶም መራሕቲ ሃይማኖት ግና: ሕጊ ይጥሕስ ኣሎ ኢሎም ይሓስቡ ነበሩ። ንሳቶም ነቲ ህዝቢ ኣንጻሩ ከለዓዕልዎ እሞ: ካብኡ ክገላገሉ ይደልዩ ነበሩ።
መምህር መዓስ ደኣ መጺእካ፧
እንጀራ ስለዝሃብኩኹም ዲኹም ትደልዩኒ ዘለኹም፧
ብዛዕባ እቲ ዘይጠፍእን ዘልኣለማዊ ሂወት ዝህብን እምበር: ብዛዕባ እዚ ጠፋኢ ብልዒ አይትጨነቑ።
እቲ ዘልኣለማዊ ሂወት ዝህብ: እንጀራ ኣነ እየ። ዓለም መታን ሂወት ክትረኽብ ስጋይ እውፊ።
ኸመይ ገይሩ እዩ እዚ ሰብኣይ ስጋኡ ንኽንበልዖ ዝህበና፧
ዘይረብሕ!
ኪዱ ርሓቑ!!
ንውናይ! ንኹሉ ሰብ የስሕት ኣሎ!!
ንስኻትኩም'ከ ክትከዱ'ዶ ኣይትደልዩን ኢኹም፧
ጐይታ! ናብ መን ኢና እሞ ክንከይድ ፧ ንስኻ ናይ ዘልኣለም ህይወት ቃል ኣሎካ



የሱስ ተፈኪሩሉ። ካብቶም ሰባት ድማ ገሊኦም ብዳርባ እምኒ ክቐትልዎ ደልዮም። ካብ ገሊላ ወጺኡ። ምስ እኩባት ሰዓብቱ፡ ማለት ኣንስትን ኣሰብኡትን ኰይኑ፡ ኣብ ካልእ ሸነኽ ናይ እስራኤል ስርሑ ቐጺልዎ
ገሊላ
እስራኤል
የሩሳሌም
ድሕሪኡ ናብ የሩሳሌም ገጹ ኣምረሐ
ኣብ መንገዲ ....
ሰባትሲ መን ዝብሉኒ ይመስለኩም፧
ንሳቶምሲ ነብዩ ኢኻ ኢሎም እዮም ዝሓስቡ
ንስኻትኩምከ፧
መን እዩ ትብሉኒ፧
ንስኻ እቲ መሲሕ : ውሉድ እቲ ህያው ኣምላኽ ኢኻ!
ንሓደ ሰብ እኳ ኣይትንገሩ። እቲ መሲሕ ክሳቐን ክመውትን ናብ የሩሳሌም ክኸይድ እዩ : ግናኸ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኻብ መቓብር ክትንስእ እዩ።


ኣብ ስግር እቲ መንገዲ እተቐትሉ ሰባት ነበሩ። ንሳቶም ተሰቒሎም ነብሩ፡ ኣሰቃቒ ናይ ሮማውያን ናይ ሞት መቕጻዕቲ ....
ናተይ ክኸውን ዝደሊ እንተ'ሎ፡ መስቀሉ የልዕል፡ ርእሱ ይኽሓድ እሞ ይስዓበኒ
ንነፍሱ ከድሕና ዚደሊ ኼጥፍኣ እዩ። እቲ ንነፍሱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ግና ንሱ ኼድሕና እዩ።
ሓደ ኣምላኽ ጥራይ ከም ዘሎ ኽትፈልጥ ይግባእ
እቲ ኣውራ ነገር፡ ንእግዚኣብሄር ብኹለንትናኻ ከተፍቅሮ፡ ንኻልኦት ድማ ከም ነፍስኻ ጌርካ ከተፍቅር እዩ።


ኣብ እስራኤል ሕማም ለምጺ ዝሓመሙ ሰባት: በቲ ሕጊ መሰረት: ንጹሃት ኣይኰኑን። ንበይኖም እዮም ዝነብሩ። ዋላ ሓደ ሰብ ክትንክፎም ኣይፍቀድን እዩ።
እቶም ሕሙማት ክመጹ ከለው: ዓው ኢሎም ይመጹ ከም ዘለው ክሕብሩ ኣለዎም
ለምጻም ! ለምጻም!
ጐይታ! የሱስ! ደንግጸልና


ኺዱ ርእስኹም ንካህን ኣርእዩ
ንካህን ፧ ንኽንምርመር ፧
ድሕሪኡ’ኸ ክንሓዊ ዲና ፧
፧
!
እወ! ጥዑይ!
ሓዊና !
ንዑ !
ሃሌሉያ!
ኣምላኽ ሰናይ
እዩ! ነመስግነካ
እቶም ዝነጽሁ ዓሰርተ’ዶ ኣይኮኑን ዝነበሩ፧ እቶም ካልኦት’ከ ናበይ ከይዶም፧ እግዚኣብሄር ንምምስጋን ኣይመጹን ድዮም፧
ተንስእ፡ እምነትካ ፈዊሳትካ ጥራይ ዘይኮነስ ኣድሒናትካ ድማ ኣላ


እቶም ኣብ የሩሳሌም ዘለው ናይ ሃይማኖት መራሕቲ: ካብኡ ንኽሰምዑ ናብ የሱስ ሰባት ለኣኹ። ንሱስ ጽቡቕ ጥራይ ዝገብር ክኸውን ኣይክእልን እዩ። መታን ክኸስዎ ፡ ገለ ጌጋ ክረኽቡሉ ደልዮም ነበሩ....
የሱስ ምስቶም ሕማቕ ልማድ ዘለዎም ይሕወስ ነበረ ፡ ከም ኣመንዝራታት ዝኣመሰላ። ከምኡ ውን ምስቶም ንሮማውያን ዘገልግሉ ኣኽፈልቲ ግብሪ .....
እቲ መድሓኒ ነቶም ዝጠፍኡ ኩሎም ምእንቲ ከድሕን እዩ ዝመጸ
ዋላሓደ ሰብ እኳ ክሰርሕ ዘይፍቀድ ከሎ፡ የሱስ ሰንበት መዓልቲ ሕሙማት ኣሕወየ
ሕወ!
እቶም ቆልዑ ኸኣ፡ ፍሉይ ኣቓልቦ ናቱ ይረኽቡ ነበሩ
መንግስቲ ኣምላኽ ንኸምዚኦም ዝበሉ ህጻናት እያ'ሞ ናባይ ይምጽኡ ሕደግዎም።


ድሕሪኡ ኢየሱስ ናብ ቢታንያ፡ ናብታ ኣብ ጥቓ የሩሳሌም እትርከብ ዓዲ ተጸውዐ። ኣልኣዛር ሓሚሙ። ኣልኣዛርን፡ ክልተ ኣሓቱ ማርታን ማርያምን፡ ንየሱስ ፈተውቱ እዮም። ኢየሱስ ኣብ ቢታንያ ምስ በጽሐ፡ ኣልኣዛር ኣብ መቓብር ካብ ዝኣቱ ኣርባዕተ መዓልቲ ከም ዝገበረ ሰምዐ።
ጐይታ!
ጐይታይ ንስኻ ኣብዚ እንተትነብር ፡ ሓወይ ኣይምሞተን ነይሩ
ማርታ! ሓውኺ ኽትንስእ እዩ
እወ፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ዝኸውን ትንሳኤ ከም ዝትንስእ እፈልጥ እየ።
ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣምንሲ፡ ብህይወት ኽነብር እዩ። እዚ ትኣምኒ ዲኺ ማርታ፧
እወ ጐይታይ፡ ንስኻ እቲ ክመጽእ እዩ ዝተባህለ መድሓኒ ወዲ ኣምላኽ ምዃንካ ኣሚነ ኣለኹ።
ኣበይ ኢኹም ኣንቢርኩምዎ፧
ንዓሞ ርአ ጐይታይ


ክሳዕ ክንደይ ከም ዘፍቅሮ ርኣዩ!
ግና፡ ኣልኣዛር ንኸይመውት፡ ክከላኸል’ዶ ኣይምኸኣለን፧
እቲ ዝሞተ ብዓለባ ተገኒዙ፡ ኣብ ውሽጢ በዓቲ ናይ ከውሒ ተነቢሩ ኣሎ።
ነዚ ኣብ ቅድሚ መቓብር ዘሎ እምኒ ኣልዕልዎ!
ጐይታይ፡ ጨንዩ እዩ፡ ኣርባዕተ መዓልቲ እዩ ጌሩ።
ክብሪ ኣምላኽ ክትርእዩ ኢኹም
ኣቦይ፡ እዞም ኣብዚ ደው ኢሎም ዘለው ሰባት፡ ኣነ መን ምዃነይ ንኽፈልጡ እዚ እገብሮ ኣለኹ።
ኣልኣዛር ፡ ንዓ ውጻእ!
ፍትሕዎ ይኺድ ሕደግዎ!



እቶም ኣብ የሩሳሌም ዘለው መራሕቲ፡ ብዛዕባ ኢየሱስን ሰዓብቱን መሊሶም ኣዝዮም ተጨነቑ።
እዚ ሰብኣይ ብጣዕሚ ብዙሕ ተኣምራት ይገብር ኣሎ
ስቕ ኢልና እንተሓዲግናዮ፡ እዞም ሮማውያን ስጉምቲ ኽወስዱ እዮም!
ንቤተ መቕደስናን ንህዝብናን ከጥፍእዎ እዮም
ሕሰቡ! ኩሉ ህዝቢ ካብ ዝጠፍእስ፡ ሓደ ሰብኣይ ምእንቲ ኹሉ እንተ ሞተዶ ኣይሓይሽን ፧
ስለዚ ድማ እዚ ኢየሱስ ክቕተል ኣለዎ!
ሓደ ሰብኣይ ምእንቲ ኹሉ ሰብ ክመውት ኣለዎ! ስለዚ ድማ እዮም እቶም መራሕቲ ሃይማኖት፡ ንየሱስ ክሕዙሉ ዝኽእሉ ዕድላት ዝደልዩ ዝነበሩ። ንሱ ናብ የሩሳሌም ጉዕዞኡ ጀሚሩ ኔሩ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ። ንሳቶም፡ እቶም ሮማውያን ንኢየሱስ ንሞት ክፈርድዎ ይደልዩ ኔሮም።


ኣብ መንጎ፡ ኣብ ቢታንያ በዓል ኣሎ ....
ማርያም!
ብላሽ! እዚ ሽቱ ዋጋኡ ክቡር እዩ።
ክንሸጦ ምኽኣልና። እቲ ገንዘብ ንድኻታት ክንህቦም ንኽእል ኔርና።
ሕደጋ፡ ይሁዳ። ንመዓልቲ ቐብረይ ኢላ ዘቐመጠቶ ቅዱይ ቅብኢ እዩ።



ኣብ ቐረባ እዋን በዓል ፋሲካ ክበዓል እዩ። ብዙሕ ህዝቢ ድማ ናብ የሩሳሌም ይጕዓዝ ኣሎ። ኣብቲ መቕደስ ድማ መስዋእቲ ከቕርቡ እዮም....



እንዳ ተፈከረሉ ኸሎስ፡ የሱስ ግና ናብታ ከተማ ኣተወ...



እቲ ህዝቢ ዕልል ኢሉሉ .........
ኣየወ!
ሆሳእና!
እቲ ብሽም እግዚኣብሄር ዝመጽእ፡ ንሱ ብሩኽ ይኹን!
ናይ እስራኤል ንጉስ!
ኣቲ የሩሳሌም፡ ከመይ ጌርኪ ሰላም ከም እትረኽቢ እንተትፈልጢ ኔርኺ። ግና ኣይደለኽን።
ነዚ ነገር እዚ ደው ከብሎ ኣለዎ!
ዓለም ብምሉኡ ደድሕሪኡ ይስዕብ ኣሎ


እቲ ኣብ ዋና ከተማ ዘሎ ቤተመቕደስ፡ ቀንዲ ናይ ኣይሁድ ሃይማኖት ስፍራ እዩ።
ኣብ እዋን በዓል ፋስጋ፡ ዕያውቲ ተሓሪዶም ....
እቶም ህዝቢ ካብ ሓጢኣቶም መታን ክነጽሁ፡ እቶም ዕያውቲ ኣብቲ ቤተመቕደስ ንመስዋእቲ ቐሪቦም።
ግና፡ ኣየናይ መስዋእቲ ናይ ዕየት እዩ፡ ንሰባት ካብ ገበኖምን ውርደቶምን ካብ ፍርሒ ናይ ፍርድን ነጻ ከውጽኦም ዝኽእል፧
ኣብቲ ደገ ቤተ መቕደስ፡ ሰባት ኣብ ንግድን ገንዘብ ኣብ ምሽራፍን ተጸሚዶም ነበሩ።
ሃንደበት! ኢየሱስ ኣብኡ ኣሎ ...


ቤት ኣምላኽሲ ቤት ጸሎት እዩ ክኸውን ዘለዎ። ንስኻትኩም ግና፡ መውዓሊ ጐሓሉት ጌይርኩሞ ኣለኹም።
ብጣዕሚ ሓደገኛ ሰብኣይ እዩ! ሰባት ግና ጽን ኢሎም ይሰምዕዎ ኣለው።
ንዕኡ ከነጥፍኣሉ ዘኽእለና ምቹእ ኩነታት ክንደሊ ኣሎና


ንኽንሕዞ ገለ ሜላ ክንረኽብ ኣሎና፡ ድሕሪኡ ክንቀትሎ ንኽእል።
ግናኸ፡ ኣብ እዋን እቲ በዓል ክኸውን የብሉን። ኣብ ጊዜ ፋሲካ ዕግርግር ከይህሉ።
ንኸትሕዞ ክንደይ ትህቡኒ፧
እዚ ሓደ ካብ ደቂ መዛሙርቱ ዝኾነ ይሁዳ እዩ
ንኢየሱስ ንዓኹም ኣሕሊፈ ክህቦ እየ!
ንኢየሱስ እንተሓቢርካና ፡ ሰላሳ ቕርሺ ክንህበካ ኢና ። ዋጋ ባርያ እዩ ።


ቅድሚ በዓል ፋሲካ፡ ኢየሱስ ነቶም ኣብ ውሽጢ ቤተመቕደስ ዝነበሩ ሰባት ይዛረቦም ነበረ። የሩሳሌም ከም ትተሓዝ፡ ኩሉ ሰብ ድማ ክሃድም ከም ዘለዎ ትንቢት ነገሮም። ነቶም ሰባት ምፍቓሩ ግና ክቕጽሎ እዩ። ምስ ወድአ፡ ንጴጥሮስን ዮሃንስን ገንሸል ፋሲካ ንኸዳልው ሓተቶም።
ኣጋ ምሸት፡ ኢየሱስን ዓሰርተ ክልቲኦም ደቀ መዛሙርቱን ብሓደ ተኣከቡ።
ሎሚ ምሸት ኽገብሮ እየ!


ቕድሚ ስቓየይ፡ እዚ ገንሸል ፋሲካ ምሳኹም ንምብላዕ እደሊ ኔረ እየ።
ንኻልኦት ዓበይቶም ከም ዝመልክዎም፡ እቶም ሸየምቶም ድማ ከም ዝገዝእዎም ትፈልጡ ኢኹም። ኣባኻትኩም ግና ከምኡ ኣይኹን።
እቲ ካባኻትኩም ብብዝሒ ዘገልገለ፡ ንሱ መራሒኹም ክኸውን እዩ
ኣነ ኣብ ማእከልኩም ከም ኣገልጋሊ እየ።


ጐይታይ፡ ከም ባሪያ ኼንካ ዲኻ እግረይ ክትሓጽበኒ፧ ብፍጹም! ኣይከውንን!
ጴጥሮስ፡ ኣነ እንተዘይሓጸብኩኻ፡ ምሳይ ግደ የብልካን።
ጐይታ፡ ርእሰይን ኣእዳወይን ድማ በል ሕጸበኒ
እቲ እተሓጽበ፡ ኲለንትናኡ ንጹህ እዩ እሞ፡ ብጀካ ኣእጋሩ ካልእ ምሕጻብ ኣየድልዮን።
ጐይታን መምህርን ኢልኩም ትጽዉዑኒ ኣለኹም: ከምኡ ድማ እየ። ኣነ ንዓኻትኩም እግርኹም ከም ዝሓጸብኩኹም፡ ንስኻትኩም ድማ ንሓድሕድኩም ከምኡ ግበሩ።
ካብ ማእከልኩም ሓደ ሰብ ኣሕሊፉ ክህበኒ እዩ
ኣነ ኣይኮንኩን፡ ሓቀይ፧
ብፍጹም!
ይሁዳ፡ እቲ ክትገብሮ እትደሊ ቀልጢፍካ ግበሮ



እዚ ንመዘከርታይ ኢልኩም ኩሉ ሳዕ ግበርዎ
እዚ ሕብስቲ ብልዕዎ፡ ስጋይ እዩ።
ካብዚ ወይኒ ስተዩ፡ እዚ፡ ንሕድገት ሓጢኣትኩም ዝፈስስ ደመይ እዩ። ኣምላኽ ብኽምዚ መገዲ ምሳኹም ሓድሽ ኪዳን ኣትዩ ኣሎ።
ሓዲሽ ትእዛዝ እህበኩም፡ ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ጌርኩም፡ ንሕድሕድኩም ተፋቐሩ።
ኣብ ነንሓድሕድኩም ፍቕሪ እንተላትኩም፡ ደቐ መዛሙርተይ ምዃንኩም ኹሉ ሰብ ክፈልጥ እዩ።
ጐይታ፡ ናብ ኩሉ ቦታ ክስዕበካ እየ፡ ህይወተይ ውን ስሌኻ ክውፊ እየ
ጴጥሮስ፡ ደርሆ ከይነቀወ ሰለስተ ሻዕ ክትክሕደኒ ኢኻ


ምስ መሰየ፡ ኢየሱስን ሰዓብቱን ነታ ኽተማ ሓዲጎም ወጹ። ይሁዳ ግና ምስኦም ኣይነበረን
ኣነ ክሓድገኩም እየ፡ ኣቦይ ግና መንፈስ ቅዱስ ክልእከልኩም እዩ። ንሱ ክሕግዘኩም እዩ፡ ኵሉ ሻዕ ውን ምሳኻትኩም ክኸውን እዩ።
ኣነ ናበይ ከም ዝኸይድ ትፈልጡ፡ ነቲ መገዱውን ትፈልጥዎ ኢኹም
ኣነ መገድን ሓቅን ህይወትን እየ፡ ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦይ ዚመጽእ የልቦን
ኣብዚ ጽንሑ። ቁሩብ ርሕቕ ኢለ ክጽሊ ክኸይድ እየ።
ኣቦይ፡ ዝከኣል እንተኾይኑ፡ እዚ ስቓይ ካባይ ኣርሕቐለይ።
ግናኸ ናትካ ፍቓድ እምበር፡ ናተይ ፍቓድሲ ኣይኹን



ኸመይ ኢልኩም ኣብዚ እዋን እዚ ትድቕሱ፡ ተንስኡ! እነሆ እቲ ኣሕሊፉ ዝህበኒ ይመጽእ ኣሎ
ነቲ ዝስዕሞ ሰብኣይ ሓዝዎ!
ከመይ ኣለኻ መምህር፧
ይሁዳ፡ ንመድሓኒዶ ብምስዓም ኣሕሊፍካ ትህቦ ኣሎኻ፧
ጐይታ ክንዋጋእዶ፧
ግደፉ!
ኢየሱስ ትም ኢሉ ምስ ተታሕዘሎም፡ እቶም ሰዓብቱ ፋሕ ኢሎም ሃደሙ


ኢየሱስ፡ ናብቲ ሊቀ ካህን፡ማለት ሓላፊ ናይ ኩሎም ኣይሁዳውያን መራሕቲ ተወስደ። ጴጥሮስን ዮሃንስን ብማዕዶ ኰይኖም ይኽታተሉ ነበሩ።
ጴጥሮስ ድማ ናብ ውሽጢ እቲ ቐጽሪ ኣተወ
ንስኻስ ምስኡ’ዶ ኣይነበርካን፧
ኣይነበርኩን! ብፍጹም እዚ ሰብኣይ ኣይፈልጦን እየ
ንስኻ ሓደ ካባታቶም’ዶ ኣይኮንካን፧
ብርግጽ ኣይኰንኩን!
ኣዚየ ርግጸኛ እየ። ኣብኡ ኔርካ ኢኻ! ንስኻ ገሊላዊ ኢኻ
ብዛዕባ እንታይ ትዛረብ ከም ዘሎኻ ኣይፈለጥኩን!


ኲኲሉ
.......
ኢየሱስ ናብ ጴጥሮስ ገጹ
ቁሊሕ በለ
እስኪ ተነበየልና፡ መን እዩ
ዝወቕዓካ፧
ኢየሱስ ናብቲ ኣኼባ ናይቶም ኣይሁዳውያን መራሕቲ ተወሰደ፡ ንግሆ
ድማ ነበረ። እቲ ሊቀ ካህናት ከኣ ንየሱስ መርመሮ።
ንስኻ'ዶ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፧
ንስኻ እኳ
ትብል ኣሎኻ
ጸርፊ ንኣምላኽ! ክመውት ይግብኦ
እዩ። እስከ እቶም ሮማውያን
ይፈትንዎ።



ኢየሱስ፡ ናብቲ ሮማዊ ኣማሓዳሪ ከተማ፡ ናብ ጲላጦስ ተወስደ። መራሕቲ ኣይሁድ ነቲ ዝዕዘብ ዝነበረ ህዝቢ ኣለዓዓልዎ። ዝተፈላለየ ክስታት እናጠቐሱ ይጭድሩ ነበሩ ....
ብዛዕባ እዚ ትኽሰሰሉ ዘሎኻ ክስታት እንታይ ትብል፧ ዋላሓንቲ፧
እንታይ ኢኻ ጌርካ፧
ንሓቂ ክምስክር እየ መጺአ
ሓቂ እንታይ እዩ፧
ዋላ ሓንቲ ጌጋ ኣይረኸብኩሉን። በዓል ፋሲካ ስለ ዝኾነ ንመን ክፈትሓልኩም፧ ንበርባንዶ ወይ ንንጉስ ኣይሁድ፧


ንበርባን!
ንበርባን ፍትሓዮ!
ነዚ ኢየሱስ ዝበሃልከ እንታይ ኽገብሮ ኢኹም ትደልዩ፧
ስቐሎ!
ንጉስ እየ እዩ ዝብል!
እንተ ፈኒኻዮ ፈታዊ ቄሳር ኣይኮንካን
ምስኡ ብምቅይያር ተፈቲሕካ ኣሎኻ።
በርባን ምስ የሱስ ብምቅይያር ተፈቲሑ። ንሱ ብዛዕባ ቅትለት እዩ ገበነኛ ኾይኑ ተረኺቡ ዝነበረ.....
.... 37 38 39!
ካብ ደሙ ንጹህ እየ
ሰላም ንዓኻ ንጉስ አይሁድ


ርኣይዎ እዚ ሰብኣይ!
ስቐሎ!
ኣርሕቆ!
ስቐሎ!
ጲላጦስ ነቲ ውሳኔ ፈሪሙሉ። ኢየሱስ፡ ዝስቀለሉ መስቀል ተሸኪሙ ብመገድታት የሩሳሌም ክጎዓዝ ኔርዎ።
እቲ ዝቕተለሉ ቦታ ካብቲ ከተማ ወጻኢ እዩ። እቲ በረኽ ቦታ ጎልጎልታ ይበሃል። ትርጉሙ ድማ፡ ቦታ ሓምሓም ርእሲ ማለት እዩ።
እቶም ወትሃደራት፡ ንኢየሱስ፡ ኣብቲ መስቐል ብመስማር ሸንከርዎ


ኣብ መንጐ፡ ይሁዳ በቲ ዝገበሮ ተጣዕሰ ....
ጌጋ ጌረ።
ንጹህ ደም እየ ኣሕሊፈ ሂበ
እንታይ እዩ እሞ እዚ ንዓና፧ ናትካ ጉዳይ እዩ!
ኢየሱስ ኣብ ማእከል ክልተ ከተርቲ ተሰቕለ
ኣቦ፡ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ይቕረ በሎም



ብሰለስተ ቋንቋ ዝተጻሕፈ ጽሑፍ፡ ኣብቲ መስቀል ሰመርዎ። ‘ኢየሱስ ንጉስ ኣይሁድ’ ዝብል እዩ ነይሩ።
IESVS NAZARENVS REX IVDAEORVM
የሱስ ዝስተ ፈውሲ ቓንዛ ኣበየ
እቶም ወትሃደራት ድማ ንኽዳኑ ዕጫ ኣውደቑሉ
እወ! ንኻልኦት ኣየድሓነን ድዩ፧
ወዲ ኣምላኽ እንተ ድኣ ኼንካስ፡ ንዓ ካብቲ መስቀል ውረድ
ንርእስኻን ንዓናን ኣድሕን
እስከ ቑሩብ ንኣምላኽ ኣኽብሮት ኣርኢ። ንሕናስ ዝግብኣና ኢና ረኺብና፡ እዚ ሰብኣይ ግና ዝኾነ ጌጋ ኣይገበረን።
ኣብ መንግስትኻ ምስ ኣተኻ ዘክረኒ
ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ከም ዘሎኻ ኣረጋግጸልካ ኣለኹ።




ከባቢ ፍርቂ መዓልቲ፡ ፈጺሙ ጸልመተ። ሰለስተ ሰዓት ወሲዱ
ማርያም ኣደ የሱስን፡ ዮሃንስ ወዲ መዝሙሩን ይምልከቱ ነበሩ ....
ሕጂ ኣደን ወድን ኢኹም
ኣምላኸይ! ኣምላኸይ! ንምንታይ ሓደግካኒ፧
ጸማእኩ!
ኣቦይ፡ ነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኣማዕቁባ ኣለኹ
ተፈጸመ!



ድሕሪ ቐትሪ፡ ኣብ ታስዐይቲ ሰዓት፡ የሱስ ነፍሱ ወጸት፡፡ ሓደ ወትሃደር ድማ ንየሱስ ጐኑ ወግኦ። ደምን ማይን ድማ ፈሰሰ። ልቡ ተሴሩ ...
ኣብቲ ቅዱሳት መጽሓፍቲ ከምዚ ይብል፡ “ከም በጊዕ ናብ ማሕረዲ ተሳሕበ”
“ብሰሪ ጌጋና ተኸትከተ፡ ምእንቲ ሓጢኣትና ድማ ሞተ”
ንሱ ድዩ እቲ ክመጽእ እዩ ዝተባህለ መድሓኒ፡ ወይስ ኣይኰነን፧
ንዑ፡ ክንቀብሮ ንኽእል እንተ ኼንናስ ክንሓትት ኢና።
ዮሴፍ ወዲ ኣርማትያስን ኒቆዲሞስን፡ ንስጋ የሱስ ካብቲ መስቀል ኣውረድዎ። ብዓለባ ገኒዞም ከኣ ኣብቲ ናቶም ናይ ከውሒ በዓቲ ኣንበርዎ።


ድሕሪ እተን ንፋሲካ ተባሂለን ዝተመደባ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት፡ ገለ ካብተን ኣንስቲ ናብቲ በዓቲ ከይደን .....
እቲ ዓብይ እምኒ ተገልቢጡ ነበረ
ንምንታይከ ነቲ ህያው ኣብ መንጎ ምውታት ትደልያኦ ኣለኽን፧ ተንሲኡ እዩ። ኺዳ ንደቀ መዛሙርቱ ንገራኦም።
ጴጥሮስን ዮሃንስን እዚ ምስ ሰምዑ፡ ናብቲ በዓቲ (መቓብር) ጐየዩ
እንታይ እዩ ኣጋጢሙ፧
ፈጺሙ ባዶ እዩ!



ኣብ ደገ፡ ኣብቲ ስፍራ ኣታኽልቲ...
ኣቲ ሰበይቲ፡ ስለምንታይ ትበኽዩ ኣሎኺ፧ ንመን ትደልዩ ኣሎኺ፧
ሓላዊ ኣታኽልቲ፡ ወሲድካዮ ዲኻ፧
ማርያም!
መምህር!
ኣይትተንክይኒ፡ ኬድኪ ንኣሕዋተይ፡ ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን፡ ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን፡ እኸይድ ኣለኹ ኢልኪ ንገርዮም


ሽዑ መዓልቲ፡ ዝጐሃዩ ክልተ ሰዓብቲ ናይ የሱስ፡ ምስ ሓደ ሓላፊ መገዲ ብዛዕባ እቲ መቕተልቲ ናይ የሱስ ክዘራረቡ ጀመሩ
ነቶም ነብያት'ዶ ኣይትኣምንዎምን ኢኹም፧ ክርስቶስ ናብ ክብረቱ ንኽኣቱ፡ እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ክጸግብ ግዲ'ዶ ኣይኮነን። እዚ ኣብቲ መጻሕፍቲ ተጻሒፉ ኣሎ። ኩሉ እቲ ጽሑፍ ድማ ብዛዕባኡ እዩ።
ሕብስቲ እንዳሃቦም ከሎ፡ እቲ ጋሻኦም ብሓንሳእ ተሰዊሩ።
ግናኸ፡ እዝስ ባዕሉ ኢየሱስ እዩ ነይሩ
ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ ኣዕሩኽቶም ክረኽብዎም ቀልጢፎም ወጹ።
ንጐይታና ርኢናዮ!
ኣቐዲማ ማርያም፡ ከምኡ ድማ ጴጥሮስ
ብሃንደበት ........
ሰላም ንዓኹም ይኹን!
ኣነ ከምዝኾንኩ ኣይኣመንኩምን፧ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ዳህስስዎ።
ጐይታይን ኣምላኸይን!



ኢየሱስ፡ ንኣርብዓ መዓልቲ ዝኣክል ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ይረኣዮም ነበረ። ን500 ዝኾኑ ሰባት ድማ ብሓንሳእ ተራእዮም። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ናብ ገሊላ ተመልሱ። ሓደ መዓልቲ እንደገና ዓሳ ይገፉ ነበሩ ....
ኣቱም ሰባት! ገለ ዝብላዕ'ዶ ኣለኩም፧
የብልናን፡ ዋላ ሓንቲ ኣይሓዝናን!
መርበብኩም ናብቲ ሓደ ሸነኽ ኣቢልኩም ደርብይዎ!
ኣንታ! እንታይ ዝበለ ምሓዝ ድኣ እዩ።
እዝስ ጐይታ እዩ!
ጐይታ!
ንዑ ምሳይ ብልዑ!


ጴጥሮስ! ብሓቂ’ዶ ተፍቅረኒ ኢኻ፧
የሱስ ንጴጥሮስ እዚ ሕቶ እዚ ሰለስተ ሳዕ ሓተቶ............
እወ ጐይታይ፡ ከም ዘፍቅረካ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ።
እሞ ኣባጊዔይ ሓሉ
ስዓበኒ!
ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኲሉ ስልጣን ተቐቢለ እየ። ናብ ብዘላ ዓለም ኪዱ፡ ንዅሎም ዓሌታት ከኣ ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም። ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ድማ ኣጠምቕዎም። ኲሉ እቲ ዝበልኩኹም ክገብሩ ኸኣ ምሃርዎም።
እዚ ኣስተውዕሉ! እታ ሓዳሽ ዓለም ክሳዕ እትመጽእ፡ መዓልቲ መዓልቲ፡ ኲሉ ጊዜ ምሳኻትኩም እየ።
ድሕሪ እዘን ቃላት እዚኣን፡ የሱስ ነዛ ዓለም ገደፋ። ናብ ሰማይ ዓረገ። ግናኸ ተመሊሱ ከም ዝመጽእ ድማ ተዛረበ።


ድሕሪኡ፡ ሰዓብቲ ናይ የሱስ ይጽልዩ ነበሩ። ድሕሪ ሓምሳ መዓልቲ፡ ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ፡ መንፈስ ቅዱስ ወረደ። እቲ ኣብ የሱስ ዝነበረ ሓደ ዓይነት መንፈስ፡ ሕጂ ድማ ኣብኦም ከምኡ ውን ኣብቶም ብእኡ ዝኣምኑን ይነብር። ምኽንያቱ ገና ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ የሱስ ይሰምዑ ኣለው። እቶም ሰዓብቱ ብርቱዓት ምስክር ናቱ እዮም።
ኣቱም ሰባት፡ ስምዑ! ንየሱስ ሞት ኣጽኒዑ ክሕዞ ኣይከኣለን። ኣምላኽ መሊሱ ህያው ጌሩ ጐይታ ገበሮ። የሱስ እዩ ንመጀመሪያ ናብ ክብሪ ኣምላኽ ዝዓረገ። እቲ ክብሪ እቲ፡ ንዓና ውን ዝተዳለወ እዩ።
ዓቢ ተቓውሞ እንዳሃለወ እኳ፡ ናይ የሱስ ሰዓብቲ ናብ ዓለም ይወጹ!
የሱስ ወዲ ኣምላኽ እዩ። ንሕና ውን ውሉድ ኣምላኽ ክንከውን ንኽእል ኢና።
እዚ መልእኽቲ፡ ብመልክዕ ደብዳበ ድማ ተነግረ
ኣነ ብዛዕባ እዚ ጽቡቕ ዜና ኣይሓፍርን እየ። እዚ ንሰባት ዘድሕን ሓይሊ ኣምላኽ እዩ። ኣብቲ መጽሓፍ ከምዚ ዝብል ተጻሒፉ ኣሎ፡ “ብእኡ እንድሕር ኣሚንካ፡ ብዓይኒ ኣምላኽ ጽቡቕ ኣሎኻ። ስለዚ ህያው ክትከውን ኢኻ!”
እዚ መልእኽቲ ናይ የሱስ፡ ናብ ኩላ ዓለም ይበጽሕ ኣሎ። ስለዚ ድማ፡ ብዙሓት ሰባት ንየሱስ ኣጸቢቖም ንክፈልጥዎ ኩሉ ጊዜ ብሓደ ይእከቡ እዮም። ብጸጋ ኣምላኽ ድማ ይነብሩ። ንሓድሕዶም ፍቕሪ ኣለዎም፡ ሓገዝ ንዘድልዮም ሰባት ድማ ይሕግዙ። ካብ መጽሓፍ ቅዱስ የንብቡ። ንሓድሕዶም ይጸላለዩ። ናይ ውዳሴ መዛሙር ድማ ይዝምሩ። ሕብስቲ ይቖርሱ፡ ካብታ ጽዋእ ወይኒ ድማ ይሰትዩ። ምኽንያቱ፡ እዚ ነቲ ሕድገት ሓጢኣት ረኺብና ዝብል እምነቶም የበርትያ እዩ። ከምኡ ድማ፡ ሓድሽን ዝበርትዔን ሂወት ምርካቦም ውን.......


የሱስሲ፡ ሰባት ብሰላም ሓቢሮም ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ጌሩ።
ብዛዕባ ፍቕሩ ኣመስግን! ንፍቕሩ ተቐበሎ! ኣምልኮ ኽኣ!
ኣምላኽ ንወዱ ናብ ዓለም ዝለኣኾስ፡ ንኽድሕነና ኢሉ እምበር ንኽፈርደና ኣይኰነን። ምኽንያቱ ኣምላኽ ንሓደ ወዱ ብምሃብ፡ ክሳዕ ክንድዚ እዩ ብዙሕ ዘፍቅረና። ብእኡ ዝኣምን ዘበለ ኩሉ፡ ናይ ዘልኣለም ሂወት ክረክብ ድኣ እምበር ኣይክጠፍእን እዩ።
WILLEM DE VINK

# ኢየሱስን ንስኻን!



ታሪኽ ኢየሱስ ኣይተዛዘመን፡ ኢየሱስ ቀደም፡ ከምኡ ውን ሕጂ፡ ዓርኪ ኣዝዮም ብዙሓት ህዝቢ ኰይኑ እዩ። ዓለም ተለዊጣ እያ። መብዛሕትኡ ህዝቢ፡ ኣብ ኣድጊ ወይ ድማ ኣብ ፈረስ ተሰቒሉ ዘይኰነስ፡ ብማኪናን ብነፋሪትን እዩ ዝጕዓዝ። ይኹን እንበር እዚ ንናይ ኢየሱስ ነገር ኣይለወጦን። ከምቲ ኣብ እስራኤል ዝጕዓዞ ዝነበረ፡ ልክዕ ውን ከምኡ ቀረባና ክኸውን ይኽእል እዩ።

ምናልባት ዘይርኤ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ግና ብርግጽ ናይ ሓቂ እዩ። ሎሚ ዓርክኻ ክኸውን ይደሊ ። ኽትሰምዖን ከተፍቅሮን ይግብኣካ እዩ።

ብዛዕባ ኢየሱስን ምስኡ ምምልላስን ብተወሳኺ ክትፈልጥ ትደሊ ዲኻ፧ እሞ እዚ ዝስዕብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡-

1.ንገዛእ ርእስኻ ኢልካ መጽሓፍ ቅዱስ ከተንብብ ጀምር። (ንኣብነት ብሉቃስ ዝተጻሕፈ ክፍሊ ብምንባብ ጀምር)

2.ምጽላይ ጀምር። (ምስ ኣምላኽ ምዝርራብን ንዕኡ ምስማዕን። ፍሉያት ቃላት ክትጥቀም ኣየድልየካን እዩ።)

3.ብዛዕባ ኢየሱስን መጽሓፍ ቅዱስን ምስ ካልኦት ሰባት ተዛራረብ። ኢየሱስ፡ እቶም ሰዓብቱ ብሓንሳእ ክራኸቡን፡ ዝያዳ ብዛዕባኡ ምስ ዝመሃሩ ኸኣ፡ ንሓድሕዶም ክበረታትዑ ይደሊ እዩ።

## ጸሎት

እንድሕር ድኣ ብዛዕባ እቲ ዝገበርካዮ ጌጋ ነገራት ተጣዒስካን፡ ምስ ኣምላኽ ክትተዓራረኽ ደሊኻን፡ ከምዚ ዓይነት ጸሎት ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ፡-

“ክቡር ኣምላኽ፡ ተፍቅረኒ ኢኻ።
ነቲ ሓደ ወድኻ፡ ንኢየሱስ ወፊኻ።
ንሱ ብዛዕባ እቲ ኣነ ዝገበርክዎ ኩሉ ጌጋታት፡
ኣብ መስቀል ሞይቱ።
በጃኻ ብዛዕባ እቲ ዝገበርክዎ ጌጋታት ይቕረ
በለለይ። ኣይትሓዘለይ።
ኢየሱስ ኣብ ጐነይ ስለ ዝኾነ ኣመስግነካ ኣለኹ።
ናትካ ክኸውን ኩሉ ጊዜ እየ ዝደሊ።
በጃኻ ከምቲ ንስኻ እትደልየኒ ኾይነ ክነብርሲ
ምሓገዝካኒ’ዶ፧
ኩሉ ጊዜ ቀረባ ኣብ ጥቓይ’ዶ ምኾንካ፧
ጸሎተይ ስለ ዝመለስካለይ ኣመስግነካ ኣለኹ።
ዝበልካዮ ቃል ትገብሮ ኢኻ”

ጽሑፍን ስእልን፡ ዊልያም ደ ቪንክ
መሰል ቅዳሕ © 2020 The Grace Factory, Rotterdam, The Netherlands.(ማሕበር ቛንቋ ዓለም፡ ሃውተን፡ ኔዘርላነድ)። “ኢየሱስ መድሓኒ” ብዝብል ብኔዘርላንድ ተሓቲሙ። ብትግርኛ ©2020 Tigrinya (Eritrea)። ኣሃዛዊ ናይ ቅዳሕ መሰል፡ ኣብ ትሕቲ ውዕል ናይ The Creative Commons BY-SA ሊቸንሳ ኰይኑ፡
ኹሉ ናይ ምትርጓምን ምብዛሕን ምምሕያሽን ንኹለን ሃገራት ዝተዓቀበ እዩ።
ኢሜል፡- jmpbk.app@gmail.com https://www.jesusmessiahcomicmedia.com

ኢየሱስ መድሓኒ፡- እዚ ናይ ኢየሱስ መድሓኒ ሓቂና ታሪኽ እዩ። ንሱ ቅድሚ 2000 ዓመት አቢሉ ኣብ እስራኤል ይነብር ኔሩ። ምስኡ ዝተራኸቡ ኩሎም ድማ ይግረሙ ኔሮም። ከምቲ ንሱ ዝገበሮ ዝገበረ የለን። ከምቲ ንሱ ዝተዛረቦ ዝተዛረበ የለን። ኢየሱስ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ተኣምራት ቀጻሊ ይርኤ ኔሩ። ንሱ ንቶም ተገዲሶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ኩሎም፡ ሓጐስን ባህታን ኣምጺኡሎም። ይኹን እምበር ሃንደበት ተቓሪጹ። ጸላእቱ ቀቲሎሞ። እዚ ግና ናይ መወዳእታ ኣይነበረን። ብኸመይ ከም ዝተፈጸመ ባዕልኻ ኣንብቦ ከምኡ ድማ ታሪኽ ናይ ኢየሱስ መድሓኒ ከመይ ከም ዝቕጽል ርአ።



ቋንቋ፡ ትግሪና
Language: Tigrinya (Eritrea)

THE GRACE FACTORY

ISBN 978-90-831172-0-1
9 789083 117201